# ናይ ሓሶት ዜና (ወረ) መብዛሕትኡ ግዜ ከም ሓቂ ዜና ኮይኑ እዩ ዝመስል

## ደው በል

### እዚ ጉዳይ ሓያል ስምዒት የላዕለልካ'ዶ፧

ሓያል ስምዒት ዘለዓዕሉ ጉዳያት ብዙሓት ሰባት ንካልኦት የካፍልዎም/ ይዝርግሑዎ። ስለዚ ገለ መርበብ ሓበሬታታት ብዙሕ ምጽቓጥ (ክሊክ) ምእንቲ ክረኽቡ ከምዚ ዝኣመሰለ ጉዳያት ይዝርግሑ እዮም። ሓያል ስምዒት ዘለዓዕሉ ጉዳያት ኣብ ምክፋል ጥንቃቐ ክትገብር ጽቡቕ እዩ።

### እቲ ጉዳይ ኣዝዩ ክእመን ዘክኣል'ዶ ይመስል፧

ናይ ሓሶት ጉዳያት ብዙሕ ግዜ ማራኺ ኣርእስትታትን ብዓበይቲ ፊደላት ዝተጸሓፉን ምልክት ኣንክሮን/ኣድናቖት (!) ኣለዎም። ሓደ ስእልን ማራኺ ኣርእስትን ምሉእ ሓበሬታ ናይቲ ጉዳይ ከምዘይህብ ምስትውዓል ጽቡቕ እዩ። ብዙሕ ግዜ ብሓቂ ንኽትኣምኖም ዘሸግሩ ኣርእስትታት ዘለዎም ዜናታት ከምእዚኦም ዝኣመስሉ እዮም።

## ስተውዕል/ሕሰብ

### ኣብ ስእሊ ትኣምን'ዶ፧

ስእሊ'ውን ክሕሱ ይኽእል እዩ። ከም ዜና ዝኣመሰለ ናይ ሓሶት ዛንታታት መብዛሕትኡ ግዜ ካብ ቀንዲ ትሕዝትኡ ወጻኢ እተወስደ ስእልታት እዮም ዝጥቀሙ። ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ዓሚቑ ሓሶት ዝብሃል ናይ ሓሶት ቪድዮን ኣውድዮን/ድምጺን ቅዳሓት ብቐሊሉ ኸም ዝዳሎ ይገብር እዩ።

### እቲ ጉዳይ ክጸልወካ ይፍትን'ዶ፧

ከም ንቡር ሓደ ጉዳይ ብዙሕ ግዜ ብዙሓት ገጻት ኣለውዎ። ስለዚ ድማ እንተድኣ ብሓደ ወገን ጥራሕ ዝተዘርግሓ ኮይኑ ብዓይኒ ነቐፌታ (ጥርጣረ) ምርኣዩ ጽቡቕ እዩ። ሓያል ፖለቲካዊ መልእኽትታት ወይ ሕልፍ ዝበሉ መርገጺታት ዘለዎም ዝዝርግሑ ነገራት ኣጸቢቕካ/ቀሪብካ ክትምርምሮም ጽቡቕ እዩ።

## ተቖጻጸር

### እቲ ጉዳይ ኣብ ካልእ ቦታታት ከ ትረኽቦ'ዶ፧

ስምዒት ዘለዓዕሉ ዜናታት ብቕልጡፍ እዮም ዝዝርግሑ። እንተድኣ ካልኦት መራኸቢ ብዙሓን ተመሳሳሊ ጸብጻብ ዘይኣቕሪበን እቲ ጉዳይ ሓሶት ኪኸውን ይኽእል እዩ።

### ብድሕሪ'ዚ ጉዳይ'ዚ ዘሎ መን እዩ፧

ኣድራሻ ናይቲ መርበብ ሓበሬታ ተቖጻጸር። ናይ ሓሶት ዜናታት ብዙሕ ግዜ ምስ መርበብ ሓበሬታ ናይ ሓደ ፍሉጥ ናይ ዜና ምንጪ ዝመሳሰል ወይ ትርኢት ኣለዎ። ሰዳዲ መን ምዃኑን ካልኦት ብዛዕባ እቲ ምንጪ እንታይ ይብሉን ተቖጻጸር።

vvav
ኣብ ናይ ሓሶት ጉዳያት ብምጥዋቕ፡ ምክፋል፡ ላይክ ምሃብ ወይ ርእይቶ ምጽሓፍ፡ ዘይቅኑዕ ሓበሬታታት ኣብ ምብታን ተበርክት ኣለኻ ማለት እዩ። ስለዚ፡ ብዓይኒ ነቀፌታ/ጥርጣሬ ርኣ!

ናይ ሓሶት ዜና ከመይ ጌርካ ከተለልዮ ከም ትኽእል ሓያሎ ምኽርታት ኣብዚ መርበብ ሓበሬታ እዚ ትረክብ፡
medietilsynet.no/stopp-tenk-sjekk

Medietilsynet | LANDSLAGET FOR LOKALAVISER | Faktisk. | dsb Direktoratet for samfunnssikkerhet og beredskap